# ሕ ል ና

. . . .ዚፈርደኒ ግና ኣምላኽ እዩ እምበር፡ በዚ ኣይጸደቕኩን እሞ ንርእሰይ ባዕለይ ኣይፈርዳን እየ። (1ቆረ .4፡4) ሕልና ዝብል ክፍሊ ወዲስ ሰብ ቅድሚ ምዝታይና መበቆሉ ክንፈልጦ ኣገዳሲ ይኸውን። ሰብ ብምስሊ ኣምላኽ ክፍጠር ከሎ ሕልና ዝብሃል ነገር ኣይነበሮን። እዚ ዘብለና ምኽንያት ከኣ ሕልና ማለት " ክእለት ፍልጠት ጽቡቕን ሕማቕን" ምርካብ ማለት እዩ። ኣዳም ኮነ ሄዋን ክፍጠሩ ከለዉ ኢዚ ተኽእሎ እዚ ኣይነበሮምን።

ኣግዚኣብሄር ኣብ እተፈላለየ እዋናት እተፈላላዩ ኩነታትን ሰባትን ብምጥቃም ህልውንኡን ጽድቁን ዝገለጸሉ ታሪኻዊ ዘመናት መጽሓፍ ቅዱስ መጋብነት ወይ ብቋንቋ እንግሊዝ Dispensation ይበሃል ። እተፈላላዩ መማህራን መጽሓፍ ቅዱስ ዝሰማምዑሉ ኮይኑ ቁጽሪ እቲ ዘመናት ግና ክፋላለዩ ይኽእሉ እዮም። ካልእ ዘይፈላለዩሉ ነጥቢ ምኽንያትን መገድን ምድሓን ኢዩ። ሰብ ኣብ ኩሉ ዘመን ሐጥያት ከምዝገዝኦሞ መድሓኒ ኣድልይዎ ኣብ ኩሉ ዘመናት ብሐንቲ መገዲ ጥራይ ክድሕን ከምዝኽእል እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዘመን ሰብ ብእንኮ መገዲ ማለት ብጸጋ ኣምላኽ በቲ ብወዱ ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ቀራንዮ ብሙማትን ድሕሪኡ ምትንሳኡን እዩ። ቅድሚ መስቀል በቲ ጎይታ የሱስ ዳሕራይ ንዝገብሮ ዕዮ ምድሓን ኣማዕዲኻ ብምጥማትን ብእምነት ብምቕባልን እዩ። ካብ ጊዜ መስቀል ንነጀው ድማ ምድሓን ነቲ እተገልጸ መስዋእቲ የሱስ ክርስቶስ ብምእማን ኮይኑ። ግደ ሰብ ቀጻሊ ጠለብ ነቲ እተገልጸ ዕዮ መስቀል ምእማን እዩ።

እዚ መለኮታዊ ምግላጽ ብበእዋኑ እናጸንሐ ዝቐላዕ እንተነበረ ኣብ ሕሉፍ ዘመናት ተዓቒሩ ዝነበረ ሐቂ ዘይጠቅም ወይ ዘየድሊ ክገብር ዘይኮነስ ነቲ ሐቅታት ኣብ ምፍጻሙ መጽንዒ ኮነ። ስለዚ ከኣ ሕልና ወይ ሞራላዊ ኣብ ውሽጢ ህይወት ሰብ እተቐመጠ ሐቂ ኮይኑ ይርከብ። (ሮሜ. 2:15; 9:1; 2 ቆረ.1:12; 4:2)

| ዘመን | ንጽህና/ኤደናዊ | ሕልና | ሲቪላዊ መንግስቲ | ኣቦታት/ተስፋ | ሕጊ | ቤተክርስትያን ጸጋ | ሽሕ ዓመት | ዘልኣለም |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| **ክፍሊ መ/ቅዱስ** | ዘፍ.1-3 | ዘፍ.4-8 | ዘፍ.9-11 | ዘፍ.12-ዘጸ.19 | ዘጸ.20-ግብ.1 | ግብ.2-ራእ. 22 | ራእ. 20:4-6 | ራእ.20-22 |

ዘመን ቅድመ-ውድቀት ሐጥያት፡

ቅድሚ ነታ ኦም እቲኣ ምብልያም ዘመን "ንጽህና" ወይ ብቋንቋ እንግሊዝ innocence ይበሃል። እቲ ዘመን ኣዳምን ሄዋንን ጽቡቕን ሕማቕን ዘይምፍላጥን ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ቅድሚ ፈጣሪኦም ንምቕራብ ምሉእ ትብዓትን ድፍረትን ነይርዎም። ሰይጣን ንኣዳምን ሄዋንን ዝሐሰዎም ቀንዲ ነገር ነታ ጽብቕትን ሕማቕን እተፍልጦም ኦም ምስ በልዑ ፍልጠት ድኣ እምበር ነቲ ሕማቕ ንኽይገብሩ ነቲ ጽቡቕ ከኣ ከግብር ዘኽእል ሐይሊ ከምዘይነበሮም እዩ።

ሐጥያት ብሰንኪ ወድቀት ኣዳንም ሄዋንን እተኸሰተ ኩነት እዩ። ኣብ ገነት ኤድን ብዙሕ ዓይነት ኣእዋም ምንባሩ እሞ ብፍላይ ግና ኣብ ማእከል እቲ ኹሉ ኣእዋም እተተኽለት ሐንቲ "ጽቡቕን ሕማቕን" ፍልይቲ ኦም ነበረት። ዕላማ እታ ኦም ብርግጽ ጽቡቅን ሕማቕን ክተፍልጥ ዘይኮነስ ሰብ

ብፍቓዱ ዝነብር ከምዝኾነ ከተርእይ እተተኽለት እያ። ንሳ እንተዘይትነብር ሰብ ብፍቓዱ ድዩ ወይስ ከም ሮቦት ብኣምላኽ ጥራይ እናተንቀሳቐሰ ዝነብር መፍለይት ነበረ። ነዚ እዩ ኣዳምን ሄዋንን ሰይጣን ኣስሒትዎም ከበልዕዋ ኸለዉ እግዚኣብሄር ኣእዳዎም ዘይሐዘ ወይ ኣፎም ዘይዓበሰ። ፍቓዶም ከገብሩ ሐደጎም።

*ዘመን ሕልና*

ሰብ ድሕሪ ውድቀቱ ንጽሕናኡ ስለዘጥፍአ ብሕልና ክመላለስ ጀሚሩ። መራሕ ህይወቱ እቲ ዝፈጠሮ እግዚኣብሄር ምዃኑ ተሪፉ በቲ ብጊዜ ውድቀቱ እተፈጥረ ሕልናኡ ኮነ። ኣብ ውሽጡ ከም ፈራዲ ወይ ዳኛ ኮይኑ ህይወቱ ክገዝአ ጀሚሩ። ጽቡቕ ኣብነት ክኾነና ዝኽእል ኣዳምን ሄዋንን ካብ ገነት ኤደን ምስተሰጉ እተፈጥረ ኩነታት እዩ። ኣብ ጊዜ ቀዳማይ ውሉድን መዋትን ኣቤል ከምኡ ኸኣ ቀዳማይ ቀታል ሐዉ ቃየል ሕልና ዝተጸወቶ ግደ ብንጹር ክንርኢ ንኽእል። ሕልና ኣብ ስራሕ እተዋፈረሉ ቀዳማይ ጊዜ ኣብዚ እዋን እዚ ብንጹር ንርኢ። ከምታ ኣዳምን ሄዋንን ዝገበርዋ ቃየል ንሐዉ ኣቤል ድሕሪ ምቕታሉ ኣብ ሕልናኡ ዝተሰምዖ ክሲ ካብ ገጽ እግዚኣብሄርን ሰብን ክሃድም ንርእዮ። ሕልና ብውድቀት እተፈጥረ መሳርሒ ስለዝኾነ ቀዳማይ ዝገብሮ ነገር እንተሃልዩ ናብ ኣምላኽ ክትቀርብ ዘይኮነስ ካብ ኣምላኽ ክትርሕቕ እዩ ዝገብረካ። ትብዓትካን ሐይልኻ ሐጎስካን ሰላምካን ዝሰርቕ ከቢድ መሳርሒ ኣምላኽ እዩ። ብምርጫ ሰብ እምበር ብመደብ ኣምላኽ ስለዘይተፈጥረ ግና ሰይጣን ንእኡ ተጠቒሙ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይኸሰካ። ሕልና ኣብ ህይወት ኣማኒ ዝጻወቶ ግደ ተመሊስና ክንመጾ ኢና።

*ዘመን ሲቪላዊ መንግስቲ:* ዘፍ.9-11

ኣብርሃም ቅድሚ ምምጽኡ እሞ ወዲ ሰብ ብተሰፋ ኣምላኽ ምንባር ቅድሚ ምጅማሩ ኖህ ዝነብረሉ ዝነበረ ዘመን ዘንጸባርቕ ህይወትን ከምኡ ኸኣ ሰብ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ ርክብን ዝሕብር ክፍሊ ዘመን እዩ። እዩ። "ምድሪ ብዘላ ብሓደ ቋንቋን ብሓደ ንግግርን ነበረት"(ዘፍ.11፡1) ዝብል ጥቕሲ ዝሕብሮ ሰብ ባዕሉ ነቲ ምምሕዳር ሒዝዎ ከምዝነበረ ብተወሳኺ ኸኣ እቲ ምዕባለ ኣብ እተወሰነ ቦታ ከም ዝነበረ እዩ። እዚ ዘመን እግዚኣብሄር ምስ ኖህ ኪዳን ዝኣተወሉ ዘመን መንግስታዊ ይኹን መንፈሳዊ ትካላት ብሰብ ዝመሓደረሉን ዝካየደሉን ዝነበረ እዋን እዩ። ኣብ መወዳእታ ክፍሊ ናይዚ ዘመን እዚ ሰባት "ስምና ነጸውዕ" ዝበሉሉ ዘመን ኮይኑ እግዚኣብሄር ከኣ ሃቒና ልቦም ምስ ረኣየ ቋንቋኦም ብምድብላቕ ናብ ገጽ ኩላ ምድሪ ዝበተነሉ እዋን ኢዩ። ብመለከዕ ጽድቂ እቲ ዘመን ኖህ ሰታይ ከነሱ ኣብቲ ዘመን እቲ ዝሐሸ ሰብ ኮይኑ ስለእተረኽበ እግዚኣብሄር ምስ ኖህ ኪዳን ኣተወ። ማይንበይኑ ሰባኽ ጽድቂ ኮይኑ ዝሐለፈሉ ዘመን ሕጊ

ዘመን ቤተክርስትያን/ጸጋ

ዘመን ሽሕ ዓመት

ዘመን ዘልኣለም

ዘመን ሕልና ኣብ ሓድሽ ኪዳን

ኣመንቲ ብክርስቶስ ከምቶም ዘይኣመንቲ ብተፈጥሮ ሕልና እንተሃለወናውን እንምርሖ ግና ብእኡ ኣይኮነን። ኣተሐሕዛ ሕልናና ከምዝግባእ እንተዘይጌርናዮ እቲ ሐጎስ ምድሓንና ፍጹም ክንለማመዶ ዘይከኣል እዩ። እቲ ብክርስቶስ እተዋህበና ሕድገት ብእኡ ኸኣ ሐርነት ካብ ሓጥያት ብግቡእ ስለዘይተረድኣና ኣብ ክስን ኩነኔን ኮለል እናበልና ኢና እንንነብር። ብመሰረቱ ሕልና ዝበሃል ዘበገሶ

እግዚኣብሄር ኣይነበረ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝበልናዮ ሕልና " ጽቡቕን ሕማቕን'' ምፍላጥ ካብ ኮነ እዚ ፍልጠት እዚ ኸኣ ኣዳምን ሄዋንን ክፍጠሩ ኸለዉ ኣይነበረን። እታ ጽቡቕን ሕማቅን እተፍልጥ ኦም ኣብ ገነት ኤድን እምበር ኣብ ውሽጦም ኣይተተኽለትን። ኣዳም ክፍጠር ከሎ "ንጹህ" እዩ ዝነበረ። ንጹህ ማለት ከኣ ሕማቕን ጽቡቕን ዘይምፍላጥ እዩ። ንጽህና ኣዳም ኣብ ቅድሚ ኣምላኹ ጽቡቕን ዝበሃግን ነበረ። ነዚ እዩ እግዚኣብሄር ምስቲዝፈጠሮ ሰብ ሕብረት ክገብር ምድሪ ምስ ወልወለ ናብኡ ዝመጽእ ዝነበረ። እግዚኣብሄር ዝፈጠሮ ዘበለ ኩሉ "ጽቡቕ ከምዝኾነ ረኣየ " ።(ዘፍ.1፡4፤10፤12፤18፤2125፤31) ጽቡቕ ኮይኑ ዘይረኽቦ ነገር እንተ ነበረ ኣዳም በይኑ ምኳኑ ጥራይ ነበረ። ንእኡ እትከውን ደጋፊት ከኣ ክገብረሉ እየ ብምባል ንሄዋን ኣምጽኣሉ። (ዘፍ.2፡18)

ኩሉ ዓይነት ኣእዋም ፈጢሩ ኣብ ማእከል ገነት ግና ሐንቲ ጽቡቕን ሕማቕን እተፍልጥ ኦም ኣብቆለ። ብንጽህናኦም እምበርቡቕ ኮነ ሕማቕ ክፈልጡ ስለዘይደለየ ኸኣ ካብኣ ከይበልዑ ኣጠንቀቖም። ማንም ወላዲ ንውሉዱ ብግርህነትን ንስህናን እምበር ጽቡቕን ሕማቕን ክፈልጥሲ ድልየት የብሉን። ይትረፍካ ይጽንሓልካ ተጠንቀቕ እናበለ ከምኡ ብንጽህናኡ ክነብረሉ ዘይደሊ ወላዲየለን። እግዚኣብሄር ከኣ ነዚ እዩ ንኣዳምን ሄዋንን ይትረፍኩም፤ ተጠንቀቑ ደኣ ካብታ ኦም ምብላዕ ንጽህናኹም ከተባላሹ እያ ዝበሎም። ምስ በልዑዋ ዝኾነ ቀዳማይ ነገር ከምቲ ሰይጣን ዝበሎም ከም ኣምላኽ ምኳን ዘይኮነስ " ኣዒንቲ ኽልቲኦም ተኸፍታ ጥራዮም ምኳኖም ድማ ፈለጡ። ቆጺሊ በለስ ኣላጊቦም ከኣ ተዐጥቁ።" (ዘፍ.3፡7) ቅድሚ ሕጂ ድምጺ ኣምላኽ ክሰምዑ ኸለዉ ዝሕጎሱ ዝነበሩ ሕጂ ግና ካብዚ ድምጺ ክሃድሙ ንርኢ። "ምድሪ ምስ ወልወለ ድማ ድምጺ እግዚኣብሄር ኣብላኽ ኣብ ገነት ኪማላለስ ሰምዑ። ኣዳምን ሰበይቱን ከኣ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ማእከል ኣእዋም ገነት ተሓብኡ።" (ዘፍ.3፡8፤9) በዚ ሕልና ተፈጥረ። ኣዳምን ሄዋንን ብድሕሪኡውን ፍጥረት ሰብ ዘበለ ኩሉ ነቲ እተረከበ ፍልጠት ዝኸውን ሞራላዊ ባህርይ ኣየጥረየን። ኣምላኽ ኣበጊስዎ ወይ ፈጢርዎ እንተዝነብርሲ ነቲ ፍልጠት ዝድግፍ ሞራላዊ ክእለት ምስ ሰብ ምስፈጠሮ ነይሩ። ሕጊ ዝተዋህበ ብሰንኪ እዚ ምኽሳት ሕልና እዩ። ብመለክዒ ኣምላኽ ኣየናይ ግቡእ ወይ ዘይግቡእ ምኳኑ ሰብ ንኽፈልጦ እግዚኣብሄር ንሙሴ ኣብ ከረን ሲና ጸዊሁ ሃቦ። እዚ መሰረታዊ መለክዒ ዝኾነሉ ምክንያት ከኣ ብድሕሪ ውድቀት ዝመጹ ኣብ እተፋለለየ ዘመናት ዝመጹ ሕብረተሰብ ነናቶም መለክዒ ከየምጽኡ እሞ እቲ ሞራላዊ ስነምግባር ከይተሃዋወስ እዩ።

ሐደ ነገር ግና ንፍለጥ፡ ሕልና ኣምላኽ ኣይኮነን። ኣምላኽ ስለዘይኮነ ኸኣ ድምጺ ኣምላኽ ኣይኮነን። ክፋል ናይቲ ዝወደቐ ኣረጊት ሰብ እዩ። ንምንታይ እቲ ፍጥረታዊ ሰብ ከምቲ መንፈሳዊ ሰብ ሕልና ኣለዎ። ግናኸ ብዘይ ኣምላኽ እዩ ዘሎ። እቲ መንፈሳዊ ሰብ ግና ኣምላኹ እቲ ኣብ ውሽጡ ሐዲሩ ዘሎ መንፈስቅዱስ እዩ እምበር ሕልናኡ ኣይኮነን። ነቲ ፍጥረታዊ ሰብ ግና ኣምላኹ ሕልናኡ እዩ። ብእኡ ይምራሕ በታ መዓልቲ ፍርዲ ኸኣ ብእኡ ይፍረድ።

*"ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እቶም ገበርቲ ሕጊ ደኣ እዮም ዚጸድቁ እምበር፡ ሰማዕቲ ሕግስ ጻድቃን ኣይኰኑን እሞ፡ እቶም ብዘይ ሕጊ ሓጢኣት ዝገበሩ ዘበሉ ብዘይ ሕጊ ኺጠፍኡ እዮም፡ እቶም ሕጊ ኸለዎም ሓጢኣት ዝገበሩ ዘበሉ ዅላቶም ከኣ በቲ ሕጊ ኺፍረዱ እዮም።* ***14 ፡ 15*** *- እቶም ሕጊ ዜብሎም ኣህዛብ፡ ሕሊናኦም እናመስከረሎም ሓሳቦምውን ንሓድሕዱ እናተኻሰሰ ወይስ እናተኻላኸለ፡ እቲ ግብሪ ሕጊ ኣብ ልቦም ጽሑፍ ምዃኑ የርእዩ ኣለዉ እሞ፡ ነቲ ኣብ ሕጊ ዘሎ ብባህርዮም ተደሪኾም ካብ ዚገብርዎስ፡ ንሳቶም ሕጊ እንተ ዜብሎም እኳ፡ ንርእሶም ሕጊ እዮም። -* ***16*** *– በታ፡ ከም ወንጌለይ ገይሩ፡ ኣምላኽ ነቲ ምስጢራት ሰብ ብየሱስ ክርስቶስ ዚፈርደላ መዓልቲ ኸምኡ ኪኸውን እዩ።"* (ሮሜ.2፡12-13)

ሕልና ሰብ በቲ ሕጊ ዝምህሮ ጽቡቕን ዘይጽቡቕን ኣብ ኣእምሮኡ ምስዝስቀር እዩ፡፡ ዘመናዊ ውድቀት ዘምጽኦ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ኣሰራርሓ ኣምላኽ እንተዘይኮይኑ ኣብ ሕጊ መንግስቲ ማንም ሃገር ተቐሚጡ

ዘሎ ሞራላዊ ይኹን ሲቪላዊ ሕጊ በቲ ኣምላኽ ብመጀመርታ ኣብ ኣእምሮ ሰብ ብ10 ትእዝዛት ገይሩ ዝመሃሮ ኮይኑ ኢና እንረኽቦ። ንኣና ኣመንቲ ግና ጽቡቕ ኣብነት ክኾነና ዝኽእል ህይወት ጎይታና የሱስ ክርስቶስ እዩ። ብኸመይ ከምእንነብር እንታይ ከም እንገብር ህያው ኣብነትና ጎይታ እዩ። ጎይታ ተመሊሱ ናብ ኣቡኡ ምስ ከደ ኸኣ ካብኡ ብዝዓሞቐ ኸኣ ንሕልናና መምህር ኣቲ ኣብ ውሽጥና ሐዲሩ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ እዩ።

እዚ ኢልናውን እቲ መወዳእታን ወሳንን መራሕ ህይወትና መንፈስቅዱስውን ኣይኮነን። ንህይወትና ንኽመርሕ እተዋህበና ትንቢት እውን ኣይኮነን። መንፈስቅዱስ ዝጥቀመሉ **ቃል ኣምላኽ** እዩ። እግዚኣብሄር ባዕሉ ንቓሉ "ሐለፉ ስሙ ኣዕብይዎ እዩ ":: ( መዝ.138፡2) ሃዋርያ ጴጥሮስውን ህይወትና ምእንቲ ብትንቢት ከይምራሕ ንትርጉም ትንቢት ከምዝደለናዮ ከምእንገሮ ፈሊጡ "ኣዝዩ **ዝጸንዔ** ቓል ትንቢት ከኣ ኣሎና፡" (2ጴጥ.1፡19) ብምባል ነቲ ኣምላኽ ኣብ መዝሙር ዳዊት ዝበሎ  **ቃል ኣምላኽ** ኣጽኒዑልና ኣሎ።

ኣምላኽ ኣብ እተፈላለየ ምድንጋራት ከም እንኣቱ ፈሊጡ መምርሒ ህይወትና ክኸውን ቃሉ ሂቡና። ኣብዛ ምድሪ ከሳብ ዘሎና ክንምርሓሉ እንኽእል ዘየዋላውልን ዘየጣራጥርን ቡሶላ (ኮምፓስ) ቃሉ እዩ። እዚ እንተዘይኮይኑ ኣብ ገሊኡ ሕብረተሰብ ዝግበር ገበን ኣብ ገሊኡ ቅኑዕ እዩ። ኣብ ገለ ማሕበረሰባት ካብ ሰብ ምስራቕ ደኣ እዩ ሐጥያት እምበር ካብ መንግስቲ ምስራቕ ውሕልነት ወይ መንፍዓት እዩ ዝቑጸር። በየናይ ሕልና ትፈርዶ? ምስኡውን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ሕልና ምንባር ማእሰርቲ እዩ። ግቡእ ርድኢትን ኣጠቓቕማ ሕልናና እንተዘየልዩና ከም ኣመንቲ ምድሓንና ከይተረፈ ኸኣ ከጠራጥረና እዩ። በቲ ሐደ ወገን ከኣ ሕልና ዘይብሎም (ዝለመጸ) ሰባት ከኣ ኣለዉ። ነዚ ኣብ ዳሕራይ ክንምለሶ ኢና።

ከም ኣማኒ ንሕልናኻ ብኸመይ ሒዝካዮ ኣሎኻ? ኣብ ሕልናኻ ዝመላለሰካ ንዘሎ ሕሉፍ በደል ብኸመይ ትምክቶ? ሕልናኻ ድዩ ቃል ኣምላኽ ዝመርሓካ ዘሎ? ሕልናኻ ከምዝመርሓካ ዘሎ እትፈልጠሉ መገዲ ካብቲ ደጋጊሙ ዝስምዓካ ዘሎ ክሲ እተላዕለ ምስ ኣምላኽ ዘሎካ ርክብ ምዝሕታሉ ሐጎስ ምድሓንካ ምጉዳሉ እዩ።  ንክተምልኽ ክትጽሊ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይኹን ሰባት ንምቕራብ ትብዓት ምስኣንካ እዩ። ሕልና ቃል ኣምላኽ እንተዘይገዚእዎን መሪሕዎን ምስ ሰይጣን ምስምምዑን እዩ። ካብቲ ንሱ ዝጥቀመሉ ርሱን መንትግ ዝበሃል ኣጽዋር ሐደ ንሕልና ምልዕዓል እዩ። ሕልና ክልተ ባህርያት ኣለዎ። ቀዳማይ ሕሉፍ ውድቀት ምኽዛን ካልኣይ  ብቓል ኣምላኽ እንተዘተዓሊሙ ኸኣ መጠቀሚ ጸላኢ ምዃን እዩ። ንሰብ ሐይሉ ሕልናኡ እዩ ዝበሃል ኣዘራርባ ኣሎ። እዚ ግና ቓል ኣምላኽ እንተዘይገዚእዎ ኣዕናዊ መሳርሒ እዩ። ሰይጣን ካብቲ ውዲታቱ ሐደ ንቅዱሳን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ' ምኽሳስ ' እዩ።

*"ንእያሱ ሊቀ ኻህናት ኣብ ቅድሚ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ደው ኢሉ ኸሎ ኣርኣየኒ፡ ሰይጣን ከኣ ኪጻረሮ ኣብ የማኑ ቈይሙ፡ ነበረ።  እግዚኣብሄር ንሰይጣን፡ ኣታ ሰይጣን፡ እግዚኣብሄር ይግናሕካ፡ እቲ ዮርሳሌም ዝሐረያ እግዚኣብሄር ይግናሕካ፡ እዝስ ካብ ሓዊ እተመንጠለ ኢያድዖ ኣይኮነን በሎ። 3- ኢያሱ ኸአ ረሳሕ ክዳውንቲ ተኸዲኑ ኣብ ቅድሚ እቲ መልኣኽ ደው ኢሉ ነበረ። 4- እቲ መልኣኽ ከአ ነቶም ኣብ ቅድሚኡ ቈይሞም ዝነበሩ፡ ነቲ ረሳሕ ክዳውንቲ ኻብኡ ኣልዕልዎ፡ ኢሉ መለሰሎም። ንእኡ ኸአ ርኤ፡ ኣበሳኻ ኣውጻእኩልካ፡ ብሉጽ ክዳውንቲውን ከደንኩኻ፡ በሎ። 5- ኣነ ኸአ፡ ኣብ ርእሱ ጽሩይ መጠምጠምያ ተምጥሙሉ በልኩ። ንሳቶም ድማ ኣብ ርእሱ ጽሩይ መጠምጠምያ ጠምጠምሉ፡ ክዳውንቲውን ከደንዎ። እቲ መላኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ኣብኡ ቈይሙ ነበረ።"(ዘካ.3. 1-5)* ስሙውን " ከሳስ" ኣሕዋት እዩ። "እቲ ለይትን መዓልትን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽና ዚኸሶም ዝነበረ ኸሳስ ኣሕዋትና ተደርብዩ እዩ...(ራእ.12፡10)። ጎይታ የሱስ ከምዝበሎ ንሱ ሓሳዊ ንሐሶት ከኣ ኣቦኣ እዩ። (ዮሃ.8፡44) ሐሶት ሐቂ ዝመስለሉ ቀዳማይ ውሕሉል ሐሳዊ

እንተተረኽአቡ ካልኣይ እቲ ሐሶት መመሊሱ እንተተደጋጊሙን ሳልሳይ ከኣ ብዙሓት ነቲ ሓሶት ዝኣምንዎ እንተተረኽቡን እዩ። በዚ ስርሒት እዩ ሰይጣን ነዛ ዓለምና ገዚእዋ ዘሎ።

ሐደ ፍሉይ ጠባይ ሕልና ሰብ ኣብ ገለ ጌጋ ምስ ዝወድቕ ነቲ እተገብረ በደል ንምሽፋን ተቐላጢፉ ኣብ ሃይማኖት ኣብ ስነምግባርን ምእታው እዩ። ሕልና ከም ባህረት (*isnstinct*) እዩ ክበሃል ይከኣል። ቅጽበታዊ ምልውዋጥ ዘርኢ ወይ ከኣ ምስ ኩነታት ዝገለባበጥ ቅጽበታዊ ስምዒት እዩ። ውሽጣዊ ግብረ መልሲ ድኣ እዩ እምበር ምስ ኣምላኽ ብምምልላስና ዘምጻእናዮ ስምዒት እዩ። ህይወትና ብሕልና እንተተመሪሑ መወዳኢታኡ ሕጋውነት (legalism) እዩ ዝውለድ። ህይወትካ ኸኣ ኣብ ዲሲፕሊን፤ ስርዓት ' ግበር ኣይትግበር' ኣብ ዝብል ዓንኬል ይኣቱ። ሕጋውነት ከኣ ሃይማኖታውነትን ስርዓታውነትን እምበር ፍረ ሕብረት ምስ ኣምካኽ ኣይኮነን። ዲስፕሊን መወዳእታ ሽቶ መንፈሳውነት ኣይኮነን፤ እንታይ ደኣ ምሳርሒ መፍጠሪ ሕብረት እዩ።። መወዳእታ ሽቶና ንክርስቶስ ምምሳል እዩ። ዲሲፕሊን ከኣ መሳርሒ እምበር መናበሪ ኣይኮነን። ስለዚ ኸኣ እቲ ምስ ሕልናኡ ዝቃለስ ኣማኒ ምሉእ ሐጎስ እግዚኣብሄር ክለማመድ ክሸገር እዩ።

ክሲ ካብ ሕልናና እንተዘየወጊድናዮ መወዳእታና ውድቀት ሐጥያት ንምግባር ከኣ ኣብ ቀረባ ምኧን የስዕበልና። ወርትግ ኣብ ክሲ ምምልላስ መንፈሳውነት ክስልቸወካ እሞ ብቐሊሉ ኸኣ ንድሕሪት ክትምለስ ይገብረካ። ክሲ ምስ በዝሓካ ክርስትያን ምኧንን ዘይምኧንን ዘለዎ ፍልልይ የጥፍኣልካ። እዚ ከይከውን ንርእስኻ ኣብ ድራር ጎይታ ብምክፋልን ኣብ **ደም የሱስ ክርስቶስ** ብምውካል ካብ ክሲ ነጻ ክተከውን ምግባር እዩ። "ደም ክርስቶስ ብናይ ዘለኣለም መንፈስ ገይሩ ርእሱ ብዘይ ጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ፡ ንስኻትኩም ንህያው ኣምላኽ ከተገልግሉ ኸንደይ ኣዝዩ ***ንሕሊናኹም*** ካብ ምዉት ግብሪ ዘየንጽሆ?" (እብ.9፡14) እዚ እንተዘይገበርካ ግና ሕልና መሳቐዪ ሰላም ከላኢ ሐኦስካ ሰራቒ ኮይኑ ኢኻ ትረኽቦ። ሐጥያት ንኽትገብር ከይተረፈ ዘድፍረካ መሳርሒ ኮይኑ ኢኻ እትረኽቦ። ሰባት ኣብ እተደጋገመ ሐጥያት ክወድቁ እትረኽቦም ምልክት እቲ ኣብቲ ቀዳማይ ውደቀቶም ዘይምናጻህ ሕልናኦም እዩ።

ካልእ ምልክት ብሕልናኻ ምምልላስ ኣመንቲ ኸኣ ኣዘውቲርካ ርእስኻ ምቕጻዕን ምውራድን እዩ። ነቲ እተገብረ በደል መሸፈኒ እንተኾነ ተባሂሉ ዝግበር ምሕሳር ርእስኻ እዩ። ኣብ ዙርያ ከምዚኦም ዓይነት ኣመንቲ ዝፍጸም ዝኾነ ኣሉታዊ ውጽኢት '' ብሰንከይ እዩ እዚ ዝኾነ" ዝብል ስምዒት ቀዳሞት ተጠቃዕቲ ክኾኑ ይገብሮም። ነዞም ከምዚ ዝበሉ ምስርእሶም ዘይተዓርቁ ኣመንቲ ዝገበርካ እንተገበርካ ክተረድኦም ኣይትኽእልን። ድሮ ምስ ርእሶም ትብኢሶም እዮም እሞ ይትረፍዶ ሰብሲ ኣምላኽውን ይቕረ ዝበለሎም ኮይኑ ኣይስምዖምን። ምኽንያት ንኩሉ ጸገም ንሳቶም ኮይኑ ይስምዖም።

ኣንባቢ ህይወትካ ምልስ ኢልካ ርኣ። መንፈሳዊ ኣተዓባብያኻ እንታይ ይመስል? ስነ-ኣእምሮኣዊውን ኣካላውን ኣተዓባብያኻ እንታይ ይመስል? እዚ ሕጂ ዘለኻዮ ውጽኢት ድሕረ ባይታኻ እዩ። ኣብቲ ብመንፈስ ተወሊድ ዝዓበኹሉ ማሕበር እምነተ ክርስቶስ ንኣይ መንፈሳዊ ህይወተይ ገድሊ ዝገብረለይ ዝነበረ ሕሊናዊ ቃልሲ እዩ። ኣብቲ ፈለማ እዋናት ምድሓነይ መንፈሳዊ ውግእ ንዓይ ምስ ሕልቅነትን ስልጣናትን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ዘይኮነስ ምስ ሕሊናይ እዩ። ጎይታ ምስ ተቐበልና ኣብ መንፈሳዊ ሃዋህው ስለእንንነብርን ኣቦታትና ኸኣ ኣገልገልቲ ቃል ኣምላኽ ስለዝኾኑ ብመንፈስ ክንዓቢ ትሑዝ ተገይሩ እዩ ዝውሰድ። መንፈሳውነት ግና እትዓብየሉ ሃዋህው ብዘየገድስ ግላውነት እዩ እምበር ውርሻ ኣይኮነን። እዚ ስለዝነበረ ኸኣ ህይወተይ እዚ ሐጥያት እዩ፤ ኣይትተንኪ፤ ኣይትርኣ፤ ኣይትጥዓም ኣብ ዝብል ሕጋውነት ኣትያ። ብሐሳባይ ዝሐለፈ ሐሳብ ይኹን ሐጥያት ከይተረፈ ክናስሐሉን ክናዘዘሉን ነይሩኒ። እዚ ኸኣ ኣብ መምዓልቱ ዘይኮነስ ኣብ ደደቒቓኡን ሰሰዓቱን ነበረ። ብፍላይ ከኣ "

ብሕልሞም ስጋኦም የርክሰዎ" ይሁዳ. 8 እትብል ጥቅሲ ከም ሞዶሻ እያ ነይራ። ብጽቡቕ ይኹን ርእይቶ ብምሃብ ሽሞም ኣልዒለ እተዛረብኩሎም ሰባት ሕሜት እዩ ዝብል ርድኢት ስለዝሐደረኒ ከይደ ይቕረታ እሐቶም ነበርኩ። ኣብ በይነይኳ በእምሮይ ዝሐሰብክዎ ከይደ ክናዘዘሉ ነይሩኒ። ንገሊኦም እዚ ሕርብት ይብሎም ነበረ። እቲ ክሳብ ሎሚ ኣዝዩ ዝገረመኒ ግና ብምንታይ ይሐልፍ ከምዘለኹ ዘስተብሃለለይ ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታ እንታይ ከምዝኾንኩ ትግምቱዶ? ፍሉጥ!! ህይወት ክርስትና እዚ እንተኾይንኑ ትርፉ ድኻም እዩ ኣብ ዝብል ውሳነ በጺሐ። ሐጎ ስ ምድሓን ስለዘይነበረኒ ክሕጎሱ ዝርኣኽዎም ዘይኣመንቲ ከቕንኡኒ ጀሚሮም። መንፈሳዊ ሐርነት ዝበሃል ስለዘይተለማመድኩ ስጋዊ ሐርነት ከቕንኣኒ ጀመረሞ ብቐሊሉ ዘይኣመንቲ ኣዕሩኽተይ ጊዝያዊ ሐጎስ ክረኽቡ ኢሎም ዝገብርዎ ክገብር ጀሚረ። ድሕሪ ነዊሕ ካብ ቤት ኣምላኽን ሕቑፊ ኣምላኽን ድሕሪ ምጥፋእ ደጊመ ህይወተይ ንጎይታ ወፍየ። ሕጂ ውዲት ጸላኢ ብፍላይ ከኣ ኣተሐሕዛ ሕልና ምሉእ ምርዳእ ረኺበ በዚ ዝመጸ ዕዉት ናብራ እነብር ኣለኹ።

መጽሐፍ ቅዱስና ብፍላይ ከኣ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ዝጸሐፎ ደብዳበታት እተፈላለየ ኣተሐሕዛ ሕሊና ከምዘሎ ነንብብ። ካብዚ እተላዕለ ኸኣ *ድኹም ብርቱዕን ድንዙዝ* ብምባል ኣብ ሰለስተ ደረጃታት ኣቐሚጥዎም። ነቶም ቀዳሞት ድኹም ዝብሎም ምስ ምኽንያቱ ሰሪዑልና ኣሎ። "እዚ ፍልጠት እዚ ግና ኣብ ኩሉ ሰብ ኣይርከብን እዩ። ሓያሎ ነቲ ጣኦት ክሳዕ ሎሚ ልማድ ገይሮምዎ፡ ንጣኦት ከም እተሰውኤ ገይሮም እዮም ዚበልዑ ዘለዉ እሞ፡ ሕሊናኦም **ድኹም** ኰይኑስ ይረክስ (1ቆረ.8፡7) ውጽኢት ኣተዓባብያን ድኹም መንፈሳዊ ርድኢትን ዘስዕቦ መንፈሳዊ ስምዒት እዩ።

ከይንርስዕ ድኹም ወይ ብርቱዕ ሕሊና ኣሎካ ማለት ክርስትያን ኣይኮንካን ማለትኣይኮነን። ጉደለት ኣተሐሕዛ ሕሊና ዘምጽኦ ፍልልይ ጥራይ እዩ። ኣመንቲ ከምዚ ዓይነት ኣመንቲ እግዚኣብሄር ብወዱ የሱስ ክርስቶስ ዝሃበና ሐርነት ገዲፎም ኣብ ሰብ ዘቐምጡ ወይ ዝሰርዖ ስርዓት ገዛእ ርእሶም ዘቐምጡ እዮም። ዘሕዝን ኣብ መንፈሳዊ ሃዋህው ወይ ዓለም ዝንኣዱ ሰብውን ክኸውን ዝድለ እዚ ዓይነት ሕሊና ክህልዎ እዩ። ድኹም ሕሊና ተነቃፍ ንኹሉ ዓይነት ክስታት ጠርጣሪ እዩ። ዝኾነ ክሲ ምስ ዝለዓል ቀዳሞት ተጠቃዕቲ ድማ ንሳቶም እዮም።